Göteborgs Stad



# Regnbågshuset

## - ናይ ብዙሐ-ጾታውያን መራኸቢ ቦታ

# ንማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያን ዝኸውን ቦታ

## እንቋዕ ናብዚ ኣኼባታት፡ ተወፋይነት፡ ማሕበራዊ ርክብ፡ ምዝርጋሕ ሓበሬታን ፈጠራዊ ርኽበትን ዝካየደሉ ቦታ Regnbågshuset ብደሓን መጻእኩም።

እዚ Regnbågshuset ንኹሉ ኣብ ማሕበረሰብ ኤቸቢቲኪ(ብዙሐ-ጾታውያን) ዘሎ መአከቢ ቦታ እዩ። ኣብዚ ምስ ካልኦት ብሓባር ክትራኸብ፡ ክትሰርዕን ክትፈጥርን ትኽእል ኢኻ።

### ገዛ ቀስተ ደመና ማለት Regnbågshuset ንመን እዩ?

ኩሉ ንጥፈታት ኣብ Regnbågshuset ብማሕበረሰብ (ብዙሐ-ጾታውያን) ዝተፈጥረ ኮይኑ፡ ነቲ ማሕበረሰቡን ንዕኡን እዩ። እዚ ማለት ኩሉ ንጥፈታት ንብዙሐ-ጾታውያን ሰባት እውን ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ ወይ ድማ ብዛዕባ ብዙሐ-ጾታውያን ጉዳያት ንምሕባርን ፍልጠት ንምዝርጋሕን ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ። Regnbågshuset ንመላእ ማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያን ኣብ ዮተቦሪን ከባቢኣን ዝርከብ ኮይኑ፡ ጾታ፡ ጾታዊ መንነት ወይ መግለጺ፡ ብሄራዊ ምትእስሳር፡ ሃይማኖት ወይ ካልእ እምነት፡ ስንክልና፡ ጾታዊ ዝንባለን ዕድመን ብዘየገድስ እዩ።



Amerikahuset. ስእሊ: Castellum AB

### Regnbågshuset ከመይ ይሰርሕ?

ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያን ዝርከቡ ሰባት፣ ጉጅለታት፣ ማሕበራት፣ ትካላት፣ መርበባትን ፕሮጀክትታትን እዮም ነቲ መአከቢ ቦታ ብንጥፈታት ዝመልእዎ። ስለዚ ኣብ Regnbågshuset ዝፍጸም ኹሉ ብባህግታት፡ ህንጡይነት፡ ድሌታትን ኣድላይነታትን ማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያን ባዕሉ ዝምራሕን ዝካየድን እዩ።

ከተማ ዮተቦሪ ነቲ ንጥፈታት ዘወሃህዱን ነቲ ክፉት ገዛ ዝሰርሑን ሰራሕተኛታት ትሕግዝ። ከተማ ዮተቦሪ ንዋጋ ኣዳራሽን ወይ ክፍልን ስርሓትን እውን ሓላፍነት ትወስድ።

## ክፍሊ ምሕዛእ ምሉእ ብምሉእ ናጻ እዩ።

ኣብ Regnbågshuset ንኣኼባ ክፍሊ ክትሕዙ ወይ ንጥፈት ክትሰርዑ ትደልዩ ዶ?

ኣዝዩ ደስ ዝብል! ከመይ ዝበለ ዘዘናግዕን ፍጹም ናጻን እዩ! ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ Regnbågshuset ዝኾነ goteborg.se/regnbagshuset እተዉ።

**ኣብ Regnbågshuset ንኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ዘገልግል ክፍሊ ወይ ኣዳራሽ ምልቃሕ ይክኣል፡**

» ኣኼባታትን ዋዕላታትን ይካየድ
» ምትሕውዋስን ማሕበራዊ ምትእኽኻባትን
» መጽናዕትን ኣስተምህሮታትን ምሃብ
» ፈጠራዊ ርኽበት
» ባህላዊ ፍጻመታት
» ስእላዊ ምርኢታት
» ዝቐለለ ስርሓት ካፌ
» ናይ ስራሕ በታ
» ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ ደገፍ ዝርርባት

## ኣብ መርበብ ናይ Regnbågshusets እተዉ።

ኣብ Regnbågshuset እንታይ ይካየድ ከምዘሎ ስሩዕ ሓበሬታ ትደልዩ ዶ? በሉ ናብ መርበብ Regnbågshuset ክትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም! ኣካል ናይቲ መርበብ ምስ እትኾውን፡ ኣብ ውሳነታት ክትሳተፍን ብዛዕባ እቲ ትካል ርእይቶኻ ክትህብን እውን ትዕደም።

## ናብ Regnbågshuset ምብጻሕ

### ክፉት ገዛ

ዝተወደበ ንጥፈት ኣብ ዘይብሉ እዋን ናብ Regnbågshuset ክትበጽሑ ምስ እትደልዩ፡ ኩሉ ግዜ ኣብቲ ክፉት ገዛ ምዉቕ ኣቀባብላ ይግበረልኩም። ኣብ Regnbågshuset ክፉት ገዛ ኩሉ ግዜ ሰሉስ፡ ረቡዕን ሓሙስን ካብ ሰዓት 15-18፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ድማ ቀዳመይቲ ቀዳምን ሰንበትን ካብ ሰዓት 10-18 እዩ።

### ኣብ ሓደ ንጥፈት ተሳተፉ

ኩሉ ግዜ ሰሉስ፡ ረቡዕን ሓሙስን ከምኡ'ውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን መወዳእታ፡ ብማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያን፡ ምስ ማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያንን ንማሕበረሰብ ብዙሐ-ጾታውያንን ዝፍጠሩ ንጥፈታት'ውን ይስርዑ። ድሕሪኡ ንበጻሕቲ ናይ Regnbågshuset ሓላፍነት ዝስከም ኣዳላዊ ናይቲ ምድላው እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብቲ ዝተሓዝአ ፍጻመታት ንምስታፍ ኣቐዲምካ ምዝገባ የድሊ። ነቲ ክትሳተፎ እትደሊዮ ፍጻመ ንኽትሳተፎ እንታይ ከም ዚምልከት ወይ ከምዘድሊ ፍለጥ። ናብ goteborg.se/regnbagshuset ብምእታው "Program" ዝብል ጠውቕ።



# ምስ Regnbågshuset ተዘራረቡ

ቴለፎን: 031-365 00 48

ኢመይል: regnbagshuset@demokratimedborgarservice.goteborg.se

ዝኸፈተሉ ግዜ: እቲ Regnbågshuset ዝኸፈተሉ ግዜን ንጥፈታቱን ብዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ ናብ goteborg.se/regnbagshuset እሞ እተዉ "Program" ዝብል መላግቦ ጠውቑ።